

# ባንዴራይ



ኣንቲ ክብርቲ ባንዴራይ
ብዘይ ብኣኺ መዓስ ይምቐር ውራይ
እንቓዕ ደኣ መጻእኪ! ሕራይ

ባንዴራይ ብዓልቲ ክብርቲ ዋጋ
ብገንዘብ ኣይመጻኽን ካብ ዕዳጋ
ጀጋኑ እዮም መንጢሎምኺ ካብ ናይ ጸላኢ መንጋጋ

እስኪ ኣምበልብሊ ንዘልኣለም
ኣካልኪ ተሰረቱ ኢዩ በቲ ቀይሕ ቀለም
ክንሕልወኪ ኢና ከይበልና ሰለም

ብዕድል ኣይመጻኽን ወይ ብዕጫ
ትምክሕቲ ኣይኮነን ወይ ባጫ
ጸላኢኺ ክይኑዩ ሓመድ ድፋጫ
ንሸኺ ክትወስዲ እቲ ዝለዓለ ብልጫ

ባንዴራይ በላሕቲ ጫፋ
ጸላኢ እንተቐሪቡ ኣብቲ ኣፋ
ክትጸንሖ ኢያ ሲሒላ ሴፋ
ብሰላም! ደኣ ይመለስ ይሕሾ እንተገደፋ

ባንዴራይ ኣይመጸትን ብልመና
ደቃ ኣይተጸበይዋን ኣብ ፈቖዶ ጎደና
ደሞም ከፊሎም ኢዮም ክትምለስ ናብ ዋና
ንዘልኣለም ክትነብር ከይተደፍረት ብጓና

ክረግጻ ዝመጸ ኣብ ከብዳ
እግሩ ክነድድዩ ብሓዊ ለበዳ
ክልተ ግዜ ይሕሰብ ከይኣቱ ኣብ ዕዳ

ባንዴራይ ብዓልቲ ግርማ
ኣብ ማእከላ ብወርቂ ተሰሊማ
ኣየ! ኣካይዳ ኣየ! ኣሳጉማ

ጉዕዞኣ ትቕጽል ክትወቅዕ ዕላማ
ብዙሕ ተዛሪበን ሽማ ከጸልማ
ንሳ ግን ዓቕሊ ሒዛ ቸኸይድ ተጸሚማ
ኣይፋልክን ትብለን ካብ ሕጊ ዝሃደማ
ተመሊሰን ክርይኦኦ በጻብዕተን ከምዝፈረማ

ባንዴራይ ኣየ ክትፍቶ
ቅይርይር ዘይትብል ከምነፋሒቶ
ኣይትውጻእ ትብሎ ካብቲ ቀንዲ ሕቶ
ምኽራ ትልግስ መሬት እውን ከይጸልመቶ
ጥውይውይ እንተበዝሓ ግን ኣይክሰልጠንዩ ከቶ

ባንዴራይ ብዓልቲ ድሙቕ ሕብሪ
ምልክት ዝሓዘት ሃብቲ ናይ ባሕሪ
ንልምዓት ትገልጽ ናይ ሓባር ወፍሪ
ማዕድን ኣሎዋ ዝመስል ጓህሪ
ኣብ ማእከላ ሰፊሩ ኣሎ እቲ ናይ ሃገር ክብሪ!!!

ዓወት ንሓፋሽ!
ዳዊት ገረንስኤ
ቦስቶን፣ ሕ/መ/ኣ